ሓዚንኩም ዲኹም? ጽምዋ ይስመዓኩም ኣሎ ድዩ? ክንሕግዘኩም ድሉዋት ኢና። ካብ ክፍሊት ናጻን ምሽጥራውን።

ኣተኣላልያ ጸገም ፕላስ (Problem Management Plus (PM+)) — ኣብ መዓልታዊ ህይወት ንክትሕይሉ ዝሕግዙ ስትራቴጂታት።



እንታይ ክትጽበዩ?

- **5 ውልቃዊ ኣኼባታት ነፍሰ ወከፎም 90 ደቓይቕ**
  ምሳኹም ናይ PM+ ስልጠና ንምክያድ ምስ ዝሰልጠነ ሓደ ሰብ ክትራኸቡ ኢኹም።
- **ብቋንቋኹ።** እቲ ሰብ ብቋንቋኹም ክዛረብ እዩ፣ ከምኡውን ንኩነታትኩም ክፈልጥ እዩ።
- **ካብ ክፍሊት ናጻ።** ካብ ከተማ ዙሪክ ወጻኢ ንዝግበር ናይ መንዓዝያ ወጻኢታትኩም እውን ክንሸፍኖ ኢና።
- **ወለንታዊ።** ክትቅጽሉ እንተዘይደሊኹም ኣብ ዝኾነ ግዜ ክተቋርጹ ትኽእሉ ኢኹም።

SPIRIT
SCALING-UP PSYCHOLOGICAL INTERVENTIONS IN REFUGEES IN SWITZERLAND

KIP
KANTONALES INTEGRATIONSPROGRAMM
KANTON ZÜRICH

Schweizerisches Rotes Kreuz
Kanton Zürich

መን ክጽንበር ይኽእል?

- ዕድሚኡም 16 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ስደተኛታት
- N፣ F፣ S፣ B መለለዩ መንነት ዘለዎም ስደተኛታትን ዳግመ ምጥርናፍ ስድራቤት
- ኣብ ካንቶን ዙሪክ ዝነብር

እዚ ስልጠና እዚ ኣብ ምንታይ ክሕግዘኩም እዩ?

- **ንጸቕጢን ፍርሕን ጸገማትን** ብኽመይ ብዝበለጸ ክትገጥምዎ (ክትኣልይዎ) ከም እትኽእሉ ክትመሃሩ ኢኹም።
- ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም ዝያዳ **ውሕስነት** ክስመዓኩም እዩ።
- ዝሓሸ **ንምድቃስን ኣሉታዊ ስምዒታት** ዝበለጸ ንምእላይን ክትመሃሩ ኢኹም።
- ምስ ሓደ ከምዚ ናትኩም **ተመሳሳሊ ተሞክሮታት** ዘሕለፈን ምስ ቀይሕ መስቀል ዙሪክ ዝሰርሕን ሰብ ክትዘራረቡ ኢኹም።

እቲ ስልጠና ብውድብ ጥዕና ዓለም World Health Organization (WHO) ዝተዳለወ እዩ - **ቅድሚ ሕጂ ድማ ንብዙሓት** ሰባት ሓጊዙ እዩ።

ብዙሕ ቋንቋታት ንዛረብ ኢና፤

ዓረብኛ፣ ዳሪ፣ ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፋርሲ፣ ኩርዲሽ፣ ፓሽቱ፣ ሩስያ፣ ታሚል፣ ትግርኛ፣ ቱርኪ፣ ዩክሬን

በይነኹም ኣይትገኩምን - እቶም ቀዳሞት ስጉምቲታት ብሓባር ንጓዓዝ።

ኣብዚ ተመዝገቡ፤

spirit-p.ch/registry/ti

srk-zuerich.ch/spirit-anmeldung

ምስ ተመዝገብኩም እቲ ስልጠና ንዓኹም ጽቡቕ ዝሰማምዓኩም እንተኾይኑ ክነረጋግጽ ኢና። ብቋንቋኹም ገለ መሕተቲ ጽሑፋት ምምላእ ኣካል ናይዚ እዩ።

ኣገዳሲ ሓበሬታ፤

ሓበሬታኹም ተሓልዩ ክቕጽል እዩ። ዝመሓላለፍ ነገር የለን።

ምሳኹም ክንዘራረብ ብሃንቀውታ ንጽበ!

ርክብ፤
ቀይሕ መስቀል ስዊዘርላንድ ካንቶን ዙሪክ | spirit@srk-zuerich.ch
044 388 25 57 | 079 959 25 57